# ኣብ ሎንዶን ሕጂ'ኸ እንታይ ይብሃል ኣሎ?

ኣብ ምዝዛም ዓመተ ክልተ ሽሕን ሸውዓተን ዝወዓለት ናይ መወዳእታ ሰንበት ዕለት 30 ታሕሳስ ኣብ ከተማ ሎንዶን ብጻዊዒት ኣምባሳደር ተስፋሚካኤል ገራህቱ ዝተጸውዐ ናይ ህግደፍ ኣኼባ ከም ዝተኻየደ ካብቶም እሙናት ደቂ ውሽጠ ዝባሃሉ ኣብ ፈቐዶ እንዳ ሻሂ ክዕለል ቀንዩ'ሎ።

እቲ ዝረኸብናዮ ሓበሬታ ብሓፈሻ ንህዝብና ብፍላይ ከኣ ንተቓማጦ ዓዲ-እንግሊዝ ስለ ዘገድስ እንሆ ብቐደም ተኸተል እቲ ውዕሎ እንታይን ከመይን ከምዝነበረ ብዝርዝር ነቕርበልኩም።

ብመጀመርታ ኣብ ዓባይ-ብሪጣንያ ኣብ መዝገብ ቤት-ጽሕፈት ህግደፍ ዘሎ ቁጽሪ ኣባላቶም ካብ 750-800 ኣቢሉ ከምዝኾነ ርጉጽ ሓበሬታ ኣሎ። እንተኾነ ኣብዚ ናይ ትማሊ ዕለት 30 ትሕሳስ 2007 ኣኼብኦም ግን እቲ ኣብኡ ዝተረኽበ ቁጽሪ ካብ 120-150 ከም ዝነበረ እቶም ኣብኡ ዝወዓሉ ሓቢሮም ኣለዉ። ናይዚ ኣኼባ ዕዱም ከኣ እቲ ሓድሽ ኣምባሳደር ተስፋሚካኤል ገራህቱ ኢዩ ነይሩ።

ኣምባሳደር ተስፋሚካኤል ገራህቱ ብቐንዱ ንኣባላት ህግደፍ ክላለዮም'ምበር ብዙሕ ዝዛረቦ ጉዳይ ከምዘይብሉ'ኳ ኣብ መኽፈቲ መደርኡ እንተገለጸ ዳርጋ ንኽልተ ሰዓት ዝኸውን ክህውትት'ዩ ውዒሉ። ንሱ ኣብ መደርኡ እተን ልሙዳት ጃህራን ሓሶትን ጃንዳ ህግደፍ ማለት መንግስትና ብዘካይዶ ዘሎ ጻዕሪ ብሕርሻ ነብስና ኪኢልና ጥሜት ከነውግድ ኢና። ናይ ወርቂ ዕደና ጽቡቕ ተስፋ ሂቡና'ሎ፣ ናይ ቸሜንቶ'ዶ ናይ ፊኖ ብምባል ጥራሕ ቁሩብ እዛ ዓመት እዚኣ ንጸመም'ምበር ነብስና ኪኢልና ንዓለም ጥምየት ከምዝሰዓርና ክንእውጅ ኢና ብምባል ሰኽፍ ከይበሎ ክንገፍ ውዒሉ። ካልእ'ባ ኽኣ ምስኡ ኣተኣሳሲሩ ንመንግስቲ ኣሜሪካ እናማረረ መንግስቲ ኣሜሪካ ኣብ ሓምሳታት ዝገበሩና ከይኣኽሎም ሕጂ ከኣ እዛ ሓዳስ ቃል ጎይትኡ ብምጥቃም "ከዳሚ" ምስ ከዳሚ ስርዓት ወያነ ብሙኺን ኣብ ሓድነትና ምብትታን ከይደቀሱ ይሓድሩ'ለዉ ይኹን'ምበር ነዚ ግን ብጽንዓት ተጻዋርነትን ንሰግሮ ኣለና ብምባል ዓቕሊ ጥራይ ከምዝድሊ ኣመት ሂቡ። ንጉዳይ መኸተ ብዝምልከት ከኣ ኣትሪሩ ንዝኾነ ኤርትራዊ ንነፍሲ-ወከፍ ዜጋ ብጀካ እቶም ተረርቲ ልቢ (ተቓወምቲ ማለቱ ኢዩ) ኣብ ገገዝኦም እናኳሕኳሕኩም ኣብ መኸተ ተሳትፍኦም ከዕዝዙ ከምዘለዎም ክትገብሩ ኣለኩም ብምባል መደርኡ ደምዲሙ ናይ ሕቶን ወደሳን ዕድል ንኣኼበኛታት ከፊትዎ።

ክቡራት ኣምበብቲ ብድሕሪ'ዚ ዝቐጸለ እንተሎ ሕቶን ወደሳን ኢዩ ዝነበረ'ሞ ብቐዳምነት ግን ነቲ ዝቐረበ ባዳዊ ሕቶታትትን መልሱን ብኸምዚ ዝስዕብ ነቕርበልኩም።

* ብሓንቲ ካብ ኣኼበኛታት ዝቐረበ ሕቶ ኣብ መደረኻ ኣብ ሃገርና ጥምየት የለን ኢልካ ኔርካ ከም ንፈልጦ ግን ኣብዚ እዋን'ዚ ጥምየት ጥራሕ ዘይኮነ ክብሪ ህለኽቲ ነገራት ሰማይ ዓሪጉ እቲ መሰረታዊ ነገር ከም ሽኮር ባኒ ብኩቦን ኢዩ ዝዕደል ዘሎ ስለዝስ ምስቲ መግለጺኻስ ኣይገራጮን'ዶ ክትብል ሓቲታ ዝተዋህባ መልሲ፦

መልሲ ኣምባሳደር፦ ሓቂ ጥሜት ኣሎ እኳ እንተተባህለ ግን ክኣ እቲ ዝቐርብ መረረ ዝተጋነነ ኢዩ። ሓደ ነገር ክነግረኩም ኣብዚ ዝሓለፈ ቀረባ እዋን ኩቡር ፕረዚደንት ኢሳያስ ኣፈወርቂ ኣብ ዞባ ደቡብ ኣብ ከባቢ ዓዲ-ቀይሕ ዑደት ኣብ ዝገበረሉ ምስ ህዝቢ ተራኺቡ ነይሩ ኣብቲ ርክቡ ሓደ ዓቢ ኣቦ ንፕረዚደንት ኢሳያስ “ዝወደይ ሕሰም ናብራ ይኸብደና'ሎ መጎገና እንጀራ ካብ ዘይስንከቶ ክልተ ዓመቱ ኣሕሊፉ'ሎ ግን ክኣ እዚ መንግስቲ ኣብ ጽርጊያታት ኮነ ካልእ ህንጻት ብዝገብሮ ዘሎ ጻዕሪ ሪኢና ጥራሕ ኢና ንደዓዓስ” ክብሉ ሓሳቦም ኣፍሲሶም። ፕረዚደንት ኣብ መልሱ ክኣ “እወ! ኣቦ ጥምየት ኣሎ እንተኾነ ቁሩብ ጥራሕ እዛ ዓመት'ዚኣ ንጸመም እምበር ብድሕሪኡስ ብመግቢ ነብስና ኪኢልና ንዓለም ክንእውጅ ኢና” ክብል መሊሱሎም ብምባል ነቲ ዝተጋነነ ኢዩ ክብሎ ዝወዓለ ጉዳይ ጥምየትን ናህሪ ህለኽቲ ነገራትን በታ ሎኽመኛ መልሓሱ ተኣሚኑ ምስኡ ኣተእሳሲሩ ክኣ ብዘይሕለል ጻዕሪ ናይ መንግስትና ክሳብ ሕጂ ናይ ደገ ምጽወታ ከይጠመትና ንህዝብና ዘድሊ ቀረብ ኣብ ምቕራብ ንሰርሕ ኣለና ልዕሊ ኹሉ ግን ካብ ብልሽውና ነጻ ዝኾነ ምሕደራ ኢዩ ዘለና ምስበለ'ሞ ኩሉ ኣኼበኛ “ኣቤት ክሕሱ” ብዘመልክት ነንሕድሕዱ ተጠማሚቱ።

* ካልእ ቀጺላ ዝቐረበት ሕቶ ኣብዚ ቀረባ እዋን ብዙሓት ተማሃሮ ተመሪቖም ኣለው ስለዚ እዞም ዝተመረቑ ተማሃሮ መንግስቲ ንዕኦም ዝኸውን ናይ ስራሕ ዕድላት ቀሪብሎም ዲዩ እትብልያ ነይራ፦

መልሲ ኣምባሳደር፦ ብኣቃጫጭ ኣያታቶም ዝሰርሕዎ ስራሕ ይሰርሑ ክብል መሊሱ።

* ኣብ'ዚ እዋን'ዚ መኸተ መኸተ ዝብሃል ዘሎ ኩናት ስለዘሎ ዲዩ?

መልሲ ኣምባሳደር፡- ኲናት ይሃሉ ኣይሃሉ ተዳሊኻ ምጽናሕ ዝመስሎ ስለዘየሎ ብሙሉእ ዓቕምና ክንዳሎ ኣልና ክብል መሊሱ።

* ብሓደ ካልእ ሓታታይ ዝቐረበት ሕቶ፡- መንእሰያት ካብ ሃገር ብብዝሒ ይወጹ ኣለዉ ስለምንታይ ኢልና እንተሓተትና ብወገን መንግስቲ ዝወሃብ መልሲ ንሸኻትኩም እዞም ኣብ ወጻኢ ዘለኹም ገንዘብ ስለትሰድሎም ኢዮም ዝወጹ ዘለዉ ትብሉና እዚ ግን ሓቂ ኣይኮነን ንሕና ወላ ከነውጽእ ኣንተፈተና ካብ ሓደ ንላዕሊ ከነውጽእ ዓቕምና'ውን ኣየፍቅደን'ዩ ኣብዚ እዋን'ዚ ግን ሃገር ብሃገራ ኢያ ትወጽእ ዘላ ስለዚ እቲ ሽግር ኣብ ዓዲ ዘሎ ኣተሓሕዛ መንግስቲ ኢዩ። ካብ ኮነ ስለምንታይ መፍትሒ ዘይትገብርሉ። ኣብዚ ምስ መጹ'ውን እዞም ሃደምቲ እናበልካ ዘለፉን ካልእን ይወርዶም ኣሎ ስለዝስ ክሕሰበሉ ዘለዎ ጉዳይ ኢዩ ዝመስለኒ

መልሲ ኣምባሳደር፡- ብዛዕባ ኣተሓሕዛ መንእሰያት ብዝምልከት ንሕና ተካእቲ ከነፍሪ ኢና ሓደ ካብቲ ዕላማና ስለዚ ኣነ ከምዝዕዘቦ ዘለኹ ግን ክንትክእ'ውን ኣይክኣልናን “ምኽንያቱ ኣብቲ ኣኼባ ካብ ዓሰርተ ሓሙሽተ ዘይበዝሑ መንእሰያት ጥራሕ ስለዝነበሩ” ስለዚ ክትሓቑፍዎም እምበር ክትንጽልዎም የብልኩምን ብምባል ኣብ ደቡብ ኣፍሪቃ ሃድን ኣንጻር መንእሰያት ተተሓሒዝዎ ከምዘይነበረ ክመጻደቕ ተራእዩ።

ክቡራት ኣምበብቲ እዚ ኣብ ላዕሊ ዝቐረበ ገለ ካብቲ ብዙሕ ዝቐረበ በዳህቲ ሕቶታት ንገሊኡ ጥራሕ ኢና ኣቕሪብናልኩም ኣስዒብና ኽኣ ካብቲ ዝቐረበ ወደሳ እንሆ ነቕርብ።

* እዚ ዝተጠቕሰ መደብ ከምቲ ኣብ ላዕሊ ዝተገልጸ ብዛዕባ ምልላይ ኣምባሳደር ምስ ኣባላት ህግደፍ ክንሱ ኣብ መንጎ እቲ ብኣምባሳደር ዝቐረበ መደረን ክህሉ ዝኽእል ሕቶታት ንምምላስ መደብ እንዳኸደ ከሎ ሃንደበት ብሓደ ወዲ ውሻጠ ኢየ ዝብል ኪዳነ ረዳ ዝተባህለ ዕሉል ብዛዕባ ንመኸተ ዝምልከት ብወገነይ ሓደ ሽሕ ፓውንድ ሂበ ኣለኹ ብምባል ነቲ ኣኼባ ሓዊ ረኺዓሉ። ኣብዚ ኣጋጣሚ ህዝቢ ብምሉእ ድምጺ ጫቑጫቕ ክብል ጀሚሩ። ብድሕር'ዚ ለባም ኣብ ኩሉ ኣይስኣንን እንዲአዩ ሓንቲ ብድድ ኢላ እዚ ናይ ገንዘብ ምውጻእ ዝብሃል ጉዳይ ንዓና ንኣባላት ህግደፍ ዝምልከት ጉዳይ ኣይኮነን ናይ ህዝቢ ጉዳይ ስለዝኾነ ህዝቢ ድኣ ክሕተት ኣለዎ'ምበር ኣብዚ'ውን ከነልዕሎ ኣይግባእን ክትብል ኣትሪራ ተቓዊማቶ። ብኡ ኽኣ ቁሩብ ሃዲኡ። ንእግረ መገድና እዚ ኣቐዲሙ ዝተጠቕሰ ሰብ ማለት ኪዳነ ረዳ መታን ኩሉ ክፈልጦ ኣብቲ ብተጋዳላይ መስፍን ሓጎስ ዝተገብረ ኣኼባ ብቐዳምነት መምበር ዝድርብዩ ካብዝነበሩን ንተጋዳላይ

መስፍን ሓጎስ ክኣ ሓደን ብኣካል ዝሃረሞን ንሱ ጥራይ ኣብ ልዕሊ ምኽኑ ሓዳሩን ደቁን ክኣሊ ዘይክእል ብሰንኪ ሕመቑ ደቁ ኣብ ናይ ድራግ ዓለም ዝኣተዉን ናይ መንነት ቅልውላው ዘለዎ ሰብ ምኽኑ ናይ ቀረባ ፈለጥቱ ዘዕልልሉ ኢዩ።

* እዞም ስዒቦም ዝጥቀሱ ኣቦይ ኣብርሃ ዝተባህሉ ብግምት ኣብ 80ታት ዓ መት ዝዕድሜኦም ኣቦ ኮይኖም ንሶም 'ውን ብተመሳሳሊ ሓደ ሽሕ ፓውንድ ምስ ባዓልቲ ቤተይ የወፊ ኣለኹ ክብሉ ተዛሪቦም። እቲ ዘገርም እዞም ዓቢ ሰብኣይ ርእይትኦም ክህቡ ከለዉ ብቋንቋ ጥልያን ጌሮም ኣብ ዝተዛረብዎ ዘረባ ሓደ ዘስደምም ዘረባ ተዛሪቦም ንሶም ይብሉ “ ቀደም መንግስቲ ጥልያን ካብ መንግስቲ ንዝሸፈቱ ምሕረት ክገብረሎም እንተዘይኣትዮም ግን ብማሕነቕቲ ክፈርዶም ምኽኑ ኣዊጁ ነይሩ ሕጂ ኽኣ መንግስትና ከምኡ ዓይነት ሕጊ ከውጽእ ኣለዎ” ክብሉ ንኣኼበኛ ዘርመመ ዘረባ ተዛሪቦም። እቲ ዘገርም ኣብዚ ዝሓለፈ ዓመት ንግስሩጥ ምሕደራ ስርዓት ህግደፍ ተቓዊሙ ዝመጸ ሰብኣይ ጓሎም ጋዜጠኛ ተመስገን ደበሳይ እናሃለወ ቁሩብ ኣስሓኮ ዘይብሎም ደቆምን ሰብኡት ደቆምን ሓቑፎም ንደቂ መን ኢዮም ብማሕነቕትን ሞትን ከፍርዱ ኢሉ ኩሉ ኣኼበኛ ከምዝሽዓቦም እቶም ዝወዓሉ መስኪሮም።

ኣብ መደምደምታ ውዕሎ ኣኼባ ኣምባሳደር ህግደፍ ጽሙቕ ብዝበለ እዚ ዝተጠቕሰ ኮይኑ ንቐጻሊ ግን ኣኼባታት ናይ ህዝቢ'ውን ክጽውዕ ምኽኑን ንምግባት ገንዘብ ብዝምልከት'ውን ሓያል ድብያ ኣጻዊዱ ከምዘሎ ህዝቢ ብኣግኡ ክፈልጥ እግባእ። እቲ ካብ ውሽጦም ዝተረኽበ ሓበሬታ ከምዘረጋግጾ ኮሚቴ ሽማግለ መኸተ እኳ መዚዞም ክንቀሳቐሱ መደብ እንተለዎም ንግዚኡ ነዚ መደብ ንምዕዋት ግን ብሓደ በየነ ሓጎስ ዝተባህለ ወይጦ ናይ ውደባን ጸጥታን ሓላፊ ከምትምራሕ ተፈሊጡ ከምዘሎ ብኣግኡ ንህዝቢ ንሕብር ኣለና። ስለዚ ህዝቢ እዞም ናይ ሎንዶን ሸፋቱ ነዚ ናይ ጥፍኣት ዘመተ ገዛገዛ እናኣተዉ ከተግብርዎ ይሓስቡ ስለዘለዉ ኣብ ዝመጽኣኹም ግዜ ብኡ ንብኡ ፖሊስ ጸዊዕኩም ኣብ ቀይዲ መንግስቲ ከተእትውዎም ከም ዘለኩም ነተሓሳስብ።

ብግዱሳት ዜጋታት
ሎንዶን
03-01-2008